*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ*
*ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ፈጻሚ*

**المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي**
**مكتب الرئيس التنفيذي**

*Eritrean National Council for Democratic Change*
*Office of the Executive Chairman*
encdc.ex@gmail.com

Date: 13/06/2023

## *መግለጺ መሪር ሓዘን*
## *ብዕርፍቲ ገዲም ተቓላሳይ መምህር ተስፉ ዘውደ !!*

*መስዋእቲ ገዲም ተቓላሳይ መምህር ተስፉ ዘውደ ምስ ሰማዕና ዝተሰማዓና ሓዘንን ስንባደን ብጣዕሚ መሪርን ከቢድን እዩ። ሓርበኛ ተቓላሳይ መምህር ተስፉ፡ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ፣ ከይ ተሓለለ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ቃልሲ ልዑል ሃገራዊ ኣስተዋጽኡ ከበርክት ዝጸንሐ ሓርበኛ ኢዩ።*

*መምህር ተስፉ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ ቃልሲ ብትብዓት ዝተቃለሰ ሓርበኛ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፣ ሓደ ካብ'ቶም ንዘልኣለም ንኹርዓሎም ውገኣት ሓርነት ኢዩ።*



*መምህር ተስፉ ኣብ ምምስራት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዓቢ ተራ ዝነበሮ ተቓላሳይ ብምንባሩ ብዓቢ ሓበን ክንጠቕሶ ንፈቱ። ህዝብና ብሰንኪ ኣዕናዊ መርሆ ገባቲ ስርዓት ህግዲፍ መሪር ህይወት ኣብ ዘሕልፈሉ ዘሎ እዋን፣ ከም መምህር ተስፉ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ሃገራውያን ተቓለስቲ ምኽሳር ኣዚዩ ከቢድ ኢዩ።*

*ብስም መሪሕነትን ኣካላትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ንኽቡር ኣያና ሓርበኛ መምህር ተስፉ ዘውደ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ ብምባል፣ ንምሉኣት ስድራ ቤትን ንኹሎም ምእንቲ ፍትሕን ዲሞክራስያዊ ለውጥን ዝቃለሱ ሃገራውያን ድማ ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃቦም። ህዝቢ ኤርትራ ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣሊዩ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ዝዓለመ ብትብዓት ክቃለሰሉ ዝጸንሐ ህዝባዊ ዕላማ ንምርግጋጽ፣ ብቖጻሊ ክሳብ ዓወት ክንቃልስ ምዃና'ውን ቃል ንኣቱ።*

*ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ስውኣትና!*

*ነጋሽ ዑስማን*
*ኣ/መ ፈጻሚ ቤ/ጽ ኤሃባዲለ*